EDMONTON PUBLIC SCHOOLS

BOARD OF TRUSTEES
WARD A Sherri O'Keefe
WARD B Marsha Nelson
WARD C Marcia Hole
WARD D Trisha Estabrooks
WARD E Dawn Hancock
WARD F Julie Kusiek
WARD G Saadiq Sumar
WARD H *vacant*
WARD I Jan Sawyer

SUPERINTENDENT OF SCHOOLS
Darrel Robertson

Centre for Education
1 Kingsway NW
Edmonton AB T5H 4G9

T 780-429-8000
F 780-429-8318
E info@epsb.ca

ጁን 7፣ 2023

ኹቡራት ስድራቤታት፣ ወለዲን ኣለይቲን፣

ኣብ እዋን ቀውዒ 2022፣ Edmonton Public Schools ብዛዕባ'ቶም እነገልግሎም ተምሃሮ ዚያዳ ንምፍላጥ ስነ ህዝባዊ ዳህሳስ ተምሃሮ ጌሩ ኔሩ። ካብ 4ይ ክፍሊ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘለዉ ተምሃሮ ብዛዕባ ዓርሶም ሓበሬታ ንምክፋል ዕድል ኔሩዎም። ኣብ'ቲ ዳህሳስ ዝነበሩ ሕቶታት ነዞም ዝስዕቡ ዘካተቱ ኔሮም፦

- መበቆላዊ መንነት
- መንነት ዓሌት
- ብሄር
- ሃይማኖት ወይ ናይ እምነት ዝንባለ
- ጾታዊ መንነነት
- ጾታዊ ዝንባለ (ካብ 7 ክሳብ 12 ክፍሊ ጥራይ)

ኣብ'ቲ ዳህሳስ ዝግበር ተሳትፎ ምሉእ ብምሉእ ወለንታዊ እዩ ኔሩ። ደቆም ንኽሳተፉ ዘይደልዩ ወለዲ ንኺይሳተፉ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ኣብ'ቲ ዳህሳስ ዝተሳተፉ ተምሃሮ መልሲ ንምሃብ ምቹው ንዝኾኑ ሕቶታት ጥራይ እዮም መልሲ ሂቦም።

**የቐንየልና!**
ካብ 55,800 ንላዕሊ ዝኾኑ ተምሃሮ ነቲ ዳህሳስ መልሲ ዝሃቡ ኮይኖም፣ እዚ ድማ 73 ሚኢታዊ መጠን ናይ'ቲ ግብረ መልሲ እዩ። ነዚ ዳህሳስ ንምዝዛም ግዜ ንዝወሰዱ ተምሃሮ ከመስግን እደሊ። ብዛዕባ ዓርሶም ሓበሬታ ንምክፋል ንዘርአዩዎ ወለንታ ኣዚና ነመስግን። ኣብ ኣቢያተ ትምህርትና ዘለዉ ተምሃሮ ካብ ዝተፈላለዩ ድሕረ ባይታታት፣ ባህሊታት፣ ማሕበረሰባትን ተሞክሮታትን ብምምጽኦም ሕቡናት ኢና።

**ውጽኢታት ዳህሳስ**
እቶም ናይ ፈለማ ውጽኢታት ዳህሳስ ሕጂ ምስ'ቲ ዘተመሓየሸ ሓበሬታን ሓዱሽ ቪዲዮን ኣብ ኦንላይን ይርከቡ እዮም። ነቲ ጸብጻብ ንምንባብን ብዛዕባ'ቶም ዝቕጽሉ ስጉሚታት ናይ'ዚ ስራሕ ዝያዳ ንምፍላጥን ናብ [ናትና መርበብ ሓበሬታ ]ንኽትበጽሑ የተባብዐኩም።

**ቐጻሊ**
Edmonton Public Schools ቐጻልነት ብዘለዎ ስጉምቲ፣ ትምህርትን ምምሕያሽን ኣብ ጸረ-ዓሌታዊነት፣ ልዝብን ፍትሒን ንምስራሕ ዉፉይ እዩ። ኣብ ዝመጹ ዓመታት፣ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ዓይነት ተምክሮ ከም ዘለዎምን እቲ ክፍሊ ዕንቅፋታት ንምንካይ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ክወስድ ከም ዘለዎን ብዝሓሸ ንምርዳእ ውጽኢታት ናይ'ቲ ዳህሳስ ምስ ካሊእ ናይ ተምሃሮ ሓበሬታ ክጽምበሩ እዮም። በዚ ስራሕ'ዚ ኩሎም ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብመንነቶም ዝኾርዑሉ፣ ናተይነት ዝስመዖምን ዓወት ዝጓነፉሉን መጻኢ ዘስዕቡ ስጉምቲታት ምውሳድ ናትና ውጥን እዩ።

ኣኽባሪኹም፣

Darrel Robertson
ተቖፃፃሪ ኣብያተ ትምህርቲ